# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.270 | ሰንበት 12 ሓምለ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

ኦ ሄንሪ

ገጽ 4


ገጽ 5
ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል...


ገጽ 6
ምልክታ


# ኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ተመሪቖም




ኣብ ሳዋ፡ ንዓመት መመላእታ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠናታት ክቕስሙ ዝጸንሑ ኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ "ኤርትራውነት፡ ዘሐብን መንነት" ብዝብል ቴማ ትማሊ 11 ሓምለ ተመሪቖም።

ኣብ'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣለይቲ ተመሃሮን ዕዱማትን ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣባላት 38 ዙርያ ካብ ሽድሽተኣን ዞባታትን ትሸዓተኣን ብሄራትን ዝመጹ ምኳኖም ብምጥቃስ፡ ካብ ወርሒ ነሓሰ 2025 ክሳብ ወርሒ መጋቢት 2026 ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፣ ካብ ሚያዝያ 2026 ክሳብ ዕለተ መመረቕታኦም ድማ ዝተመደበሎም ወተሃደራዊ ታዕሊም ብዐቕዖት ከምዝዛዘሙ ገሊጹ።

ኣጠቓላሊ ወጽኢት ስልጠና መበል 38 ዙርያ 72.3 ሚእታዊት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኮሎኔል ደብሳይ፡ ሰልጠንቲ ኣጥርዮሞ ዘለዉ ናይ ስራሕ ባህልን ድስፕሊንን ክዕቅብዎን ከማዕብልዎን ምእንቲ፡ ግቡእ ምክትታልን ምትብባዕን ከይፍለዮም ብምልባው፡ ንኹሎም ኣባላት መዓስከር ሳዋን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ምስጋና ኣቕሪቡ።


ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ ስለ'ቲ መሳጢን ቀስቃሲን መሰናድኦ - ንተመረቕቲ ወለዲ፡ ኣለይትን መምህራንን "የቐና" ድሕሪ ምባል፡ ተመረቕቲ ወጽኢት ፈተናታት ብዘየገድስ፡ ኣካዳሚያዊ ጉዕዞ ብዝሓየለ ድርኺት ክውጠን ስለዘለዎ፡ ቀዳምነታቶምን ኣተኩሮኦምን ዓይነታዊ ፍልጠት ኣብ ምድላብን ኣፍራይነት ፍልጠቶም ኣብ ምዕባይን ክኸውን ከምዝኾኖ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣሰዒቡ፡ ተመረቕቲ - ተበጺሖታቶም ኣብ ናይ መጻኢ ዕቤት ነፍሶም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቅሳነትን ራህዋን ሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ንዝህልዎ ዕዙዝ ኣበርክቶ ምግንዛብ ከቢድ ሕልናዊ ሓላፍነት ከምዝስከም ብምጥቃስ፡ ስድራ፡ ቤት-ሰብን ሚኒስትሪ ትምህርትን ብፍሉይ ኣብ ኣካዳሚያዊ ጉዕዞ ዝግባእ ምክትታልን ደገፍን ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ብዓበላት ዝቖሙ ተመረቕቲ ብጦንድ ምረሻን ናይ ክብሪ ሰላምታን ተሰኪዮም፡ ንዘቕሰምዎ ስልጠናታት ዘንጸባርቕ ብዝተፈላለየ ቅርጽታት ዝሰመረ ምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፊ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ጨመተ ተኸሲ፡ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ስልታዊ ጥበባት፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ ስነ-ምግባር ጸብለልታ ዝርኣዩ ኣዘዝቲ፡ ኣለይቲ ኣሃዱታትን ሰልጠንትን ሸልማት ተዓዲሉ።

ኣብ መወዳእታ ተመረቕቲ፡ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዘለዎም ድልውነት ብቃል-ማሕላ ኣረጋጊጾም።

# ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ 300 ተመሃሮ ብዲግሪ ኣመሪቑ

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት - ማይ ነፍሒ፡ ትማሊ 11 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ መበል 19 ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 49 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 300 ተመሃሮ ብዲግሪ ኣመሪቑ።

ምሩቓት፡ 54 ብስነ-ህይወት፡ 70 ብስነ-ቀመም፡ 30 ብስነ-ምድሪ፡ 59 ብስነ-ሕሳብ፡ 44 ብፊዚክስ፡ 43 ድማ ብስታስቲክስ'ዮም ትምህርቶም ዛዚሞም።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፈሰር ገብራይ ኣስገዶም ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ ቁጽሪ ተመረቕቲ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ3 ሚእታዊት፣ ካብ ናይ 2024 ድማ ብ15 ሚእታዊት ዓብዩ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 18 ዓመታት ብጠቕላላ 4,441 ተመሃሮ ብዲፕሎማ ከምኡ'ውን ብቐዳማይን ካልኣይን ዲግሪ ከምእተመረቑ ገሊጹ።

ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረሰላሴ



ብወገኑ፡ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ስሩዕ ትምህርቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት፡ ብሕጂ ኣብ ስራሕ ብተመኩሮ ብዝድልብዎ ብልሓትን ጥበብን ተጠቒሞም፡ ማዕረ'ቲ ታሪኽ ዘሰኽሞም ሓላፍነት፡ ተመራመርቲ፡ ተበላሓትቲ፡ ቀየስቲ ጎደና ልምዓትን ናይ ስራሕ ጀጋኑን፡ ከምኡ'ውን እሙናትን ምቕሉላትን ኣገልገልትን መራሕትን ህዝቢ ክኾኑን ብታሪኽን ባህልን ሃገሮም ክሕበሩን ናይ መንግስትን ህዝብን ሓደራን ትምኒትን ምዃኑ ሓቢሩ።

ወኪል ተመረቕቲ ድማ፡ ናብ'ዚ ደረጃ ንዘብቅዕዎም ኲሎም "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ዕለተ ምረቓ ኑቲ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝቐሰምዎ ትምህርቲ፡ ኣብ ህንጸት ሃገርን ሕብረተሰብን ከውዕልዎ ሓላፍነት እተሰከም ምዃና ብምጥቃስ፡ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጸብለል ንዝበሉ ተመሃሮ መዳልያን ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 18 ወጻእተኛታት ዝርከብዎም 65 መምህራን ዘለውዎ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት - ማይ ነፍሒ፡ 22 መምህራኑ ኣብ ወጻኢ ብመዓርግ ዶክትሬትን ማስተርስን ትምህርቶም ይከታተሉ ከምዘለዉ፡ ሰነዳቱ የርእዩ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

# ስነ ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ

ሪፖርታዥ

መርሃዊ ገብረሚካኤል
ስእሊ፡ ሳልሕ ዓብደልቃድር



ሚካል ተስፋኣለም፡ ካብ ኢድ ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሴ መዳልያ እናተሸለመት

ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ንማበል 19 ግዜ፡ ብሸዱሽተ ዓውዲታት ከምህርም ዝጸንሐ 300 ተመሃሮ ብመዓርግ ቀዳማይ ዲግሪ ኣመረቐ።

እቲ ትማሊ ቀዳም 11 ሓምለ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት መመረቕታ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባር፡ ሓለፍቲ ኮሚሽን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ወለዲ ተመረቕቲን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ኮይኑ፡ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ኮሌጅ ብውዕውዕ መንፈስ ተጸንበለ።

እቲ ስነ ስርዓት፡ ወለዲ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ተመረቕቲ ተመሃሮ ጡታኦም ምስ ሓዙ፡ ብዘኸረ ስሚኢታ እዩ ጀሚሩ። ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብኣወሃሃዲ ናይቲ መደብ ምስ ቀረበ ድማ፡ ዲን ናይቲ ኮሌጅ ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስገዶም ነቲ ዕለት ዘገዳስቐን ነቲ ኮሌጅ ዝምልከትን ቃል ኣሰሚዑ። ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣብ መደረኡ፡ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣብ 2004 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፉ 18 ዓመታት ብጠቕላላ 4441 ተመሃሮ ብዲፕሎማ፡ ቀዳማይን ማስተርስን ዲግሪ ከም ዘመረቐ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣሰዪቡ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ቀንዲ እምን ኩርናዕ ናይ ምዕባለ ፖሊሲ ሃገርና ከም ዝኾነ ብምንጻር፡ ዝኢ ንምትግባር ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት መንግስቲ ኤርትራ ብዘለዓለ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ኩይኑ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዓይነትን ብቐዓትን ትምህርቲ ብኹሉ መልከዑት እናሰፍሐ ከም ዝኸደ ገለጸ። ንዚያዳ ወጽኢት ከኣ፡ እቲ ኮሌጅ ምስ ስነ ፍልጠት፡ ህንጸት ሃገርን ቴክኖሎጂን ምትእስሳር ምስ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታትን መንግስታውያን ትካላትን ሃገርና ምትሕብባሩ እናኣሓየለ ይሰርሕ ምህላዉ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ፕሮፌሰር ቀጺሉ፡ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ሎሚ ዓመት ብሽዱሽተ ዓውዲታት ማለት 54 ብስነ-ህይወት፡ 70 ብስነ-ቀመማ፡ 30 ብስነ-ምድሪ፡ 59 ብስነ-ሕሳብ፡ 44 ብፊዚክስ ከምኡ'ውን 43 ብስታቲስቲክስ ብጠቕላላ 300 ተመሃሮ ብዲግሪ ከም ዘመረቐ ሓቢሩ። ናይ ሎሚ ዓመት ምምራቕ ተምሃሮ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ናይ 3% ዕቤት ከም ዘርኣየ ብምጥቃስ ከኣ፡ ካብ ጠቕላላ ተመረቕቲ እተን 147 ደቂ ኣንስትዮ ምዃነን ሓቢሩ። "መመረቕታ ናይ መውዳእታ ምዕራፍ ዘይኮነ፡ መጀመርታ ናይቲ ካልእ ምዕራፍ ህይወት እዩ። ብዘይካ'ዚ መመረቕታ ጽንብል ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓላፍነት እውን እዩ" ድሕሪ ምባል፡ መመረቕታ ደረጃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕድሪ ናይቶም ምእንታና ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታትና ብምዃኑ፡ ተመረቕቲ ብጻዕርን ሓደጎትን እናተጓዕዙ ዲሲፕሊን ተቐቢሎም ኑ ብዮብሪን ክልሰ ሓሳብን ዘወሰድዎ ትምህርቲ ኣብ ህንጸት ሃገርን ሕብረተ ሰብን ብዝዩ ተገላጋሉት ክተግብርዎ ኣዘኻኺሩ።

ድሕሪ ምዝዛም ስነ ስርዓት ምዕዳል ሽልማት ንልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመረቕቲ፡ ንቻንስለር ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ - ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ወኪሉ፡ ሚኒስተር መሬት ማይን ኣከባቢን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "ንተመረቕቲ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሑ ሓቢሒብኩምን ከስኪስኩምን ናብዚ ደረጃ'ዚ ንዘብጸሕኩም ወለዲ እንቋዕ ሓጎሰኩምን ኣብቀዓኩምን" ድሕሪ ምባል፡ ትምህርቲ ደቂ ሰብ ስነ ፍልጠታዊ ሓበሬታ ሰኒቖም ኣብ ሕብረተ ሰብን ህንጸት ሃገርን ብቑዓት ተዋሳእትን ተሻረኽቲን ንክኾኑ ክረኽብዎ ዘይግባእ ኣገዳሲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ተስፋይ ወሲኹ፡ ኣብዛ ንቕሉዕ ሕልና ደቂ ሰብ ኣትፈታተን ናይ ውድድር ስርዓት ዝዓብለላ ዓለም፡ ንምምዕባል ብዘርዎም ከኑት ዝለዋወጡ ዘሎ መድረኽ፡ ንትሰፋው መጻኢ ሃገርና ፍልጠት ዝሰረቱ ብሉያልን ወሀድ ስራሕን ክውን ንምግባር፡ ከይተሓለልና ምዕያይ እዋኑ ብምዃኑ፡ ተመረቕቲ ብዘቐሰምዎ ትምህርቲ ዘይሕለል ትግሃቶምን መጻኢኦምን መጻኢ ሃገሮምን ክድርዑ ኣተሓሳሰበ።

ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኑበሱ ብፍልጠት ክህንጽ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ድማ ምእንቲ ከማዕብል መንግስቲ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ምስፋሕን ቀጻልነቱ ኣብ ምዕባይን ዘይሕለል ጻዕሪ ይገብር ከም ዘሎ ብምምልካት፡ ዝሓለፉ ወለዶታት መድረኽ ዝጠልቦ



ምሩቕ ኤሸን መኮነን ምስ ወለዱ

ከቢድ መስዋእቲ ክኸፍሉ እንከለው፡ ናይ ሎሚ ተመረቕቲ ድማ ሃገርን ህዝብን መንግስቲን ዝሓተቶ ኩሉ መዲያዊ ባህጊ ብትግሃት ክፍጽሙ ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ።

ሚኒስተር ተስፋይ ኣብ መውዳእታ፡ ኤርትራ ንዜጋታታ ራህዋ፡ ፍትሒን ማዕርነትን ዘረጋገጸት፡ እተሓተበ ሕፍርቲን ክብርቲን ናይ ጽቡቕ ኣርኣያ ሃገር ንምግባር፡ ንእትውንኖ ክቡር ዳግማይ ብምኽላዕ ካብ ስራሕ ዝዓዘዘ ናይ ህይወት ዕላማ ስለ ዘየለ፡ ተመረቕቲ ብሕጂ ኣብ ዝገበርዎ ብጽሐ፡ ወሀድን ሓበራዊን ጻዕሪ ኣሳልጦን ዓወትን ኣብ ውልቃዊ ህይወቶም ድማ ከሉ ሰናይ ምንጾቱ ገለጸ።



ዲን ኮለጅ፡ ፕሮፌሰር ገብራይ ኣስገዶም

ወከል ተመረቕቲ መንእሰይ ኤፌሶን ደሞዝ ብወገኑ፡ ዝሓለፍዎ ዓወት ብኮላ ውልቃዊ ጻዕሮምን ወሀደት ህዝብን መንግስትን ዝተረኽበ ምዃኑ ብምግላጽ፡ በቲ ቀሲመሞ ዘለዉ ፍልጠት ሃገሮም ክሃንጹ ሕድሪ ከም ዘለዎም ኣረዲኡ።

እቲ ጽንብል መመረቕታ ኣብ መውዳእታ፡ ብተመሃሮ ዝቐረበ ደርፌ ኣሰንዩ ማሙቕ ድሕሪ ምርፋድ፡ ብሃገራዊ መዝሙር እዩ መጋረጃኡ ዓጺዩ።

ድሕሪ ምዝዛም ናይቲ ስነ ስርዓት ንገለ ተመረቕቲ ስምዒቶም ንኽገልጹልና ተወኪስናዮም ነይርና። ፈለማ ዝረኸብናያ ብዓውዲ ስነ ህይወት ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ብሽልማት መዳልያ ዝተመረቐት መንእሰይ ሚካል ተስፋኣለም እያ። ተመራቒት ሚካል ካብ ኩሉ ተመሃራይ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገበት ብምንባራ፡ ካብ መላእ ተመራቒን ዕዱማትን ኣጋይሽን ብደሙቕ ጣቕዒትን እልልታን ተሰንያ እያ ናብ መድረኽ ደዪባ፡ ንሳ ከም ብልጽቲ ተመሃሪት ጥራይ ዘይኮነት ንበዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ክትውከል እትኽእል እያ። ንሳ ብዘዕባቲ ዕለት ኣመልኪታ፡ "በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ ናይ ውልቀይ ዘይኮነ፡ ድርብ ጻዕሪ ናይ ኩሎም ወለደይ፡ መምህራነይ፡ መማህርተይ፡ ኣሕዋተይን መሓዙተይን ስለ ዝኾነ፡ በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣብዚ ዓወት ልዑል ግደ ንዘተጻወቱ እንቋዕ ሓገሰኩም" ክትብል ምስጋናኣ ገሊጻ። በጺሓቶ ዘላ ዓወት ንመጻኢ ኣበርቲዓ ንኽትሰርሕ ዘተባብዓን ኣብ ዝበረኸ ደረጃ በጺሓ ድማ ንህዝባን መንግስታን ብተወፋይነት ክተገልግልን ሕድሪ ዘለዋ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ከም ጓል ኣንስተይቲ ብልዑል ነጥቢ ክትምረቕ ምብቃዓ ንኻልኦት ደቂ ኣንስትዮ ዘተባብዕ ኣብነትን ስለ ዝኾነ፡ ኩለን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልእ ሞያ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ዝለዓለ ዓወት ንኽበጽሓ ከይተሓለላ ክሰርሓ ተላቢያ።

ድሕሪ'ዚ ካብ ንኡስ ዞባ ሃሮ ጸለም ዝመጸ ተመራቒ ስነ ሕሳብ እድሪስ መሓመድ ኣደም ኢና ረኺብናዮ። ንሱ፡ ኣብዚ ደረጃ ምብጽሑ ከም ኩሎም ተመረቕቲ ሓገስ ከም ዝፈጠረሉ ብምጥቃስ፡ ምስጢር ዓወቱ እንታይ ምዃኑ ኣብ ዝተወከስናሉ እዋን፡ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ደገፍ ወለዱን ኣሕዋቱን ከምኡ'ውን ብመምህራኑን መንግስቱን ንዝፍጠረሉ ዝበረ ዕድላትን ቀረባትን ብግቡእ ሳላ ዝተጠቐመሉ ኣብዚ ዓወት ከም ዝበጽሐ ገለጸ።

ኣብ ህይወት ኮሌጅ 'ውን ብፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ደረጃኡ፡ ንቕሓቱን ኣተሓሳስባኡን ንኸበርኽ ከም ዝሓገዞ ይሕብር። "ምስጢር ዓወት ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃምን ንዝተባህለካ ምትግባርን እዩ" ዝበለ ምሩቕ እድሪስ መሓመድ ኣደም፡ ንኹሎም ተኻፈልቲ ዓወቱን



ምሩቕ ኢድሪስ መሓመድ ኣድም

ወለዱን "እንቋዕ ሓገሰኩም" ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ዝረኸብናዮ ተመራቒ ናይቲ ዕለት፡ መንእሰይ ኤሸን መኮነን እዩ። ኤሸን ኣብ ዓውደ መጽናዕቲ ስታቲስቲክስ ብኣዝዩ ልዑል ነጥቢ ማለት (Great distiniction) ትምህርቱ ዝወደአ እዩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ምስ ወለዱ ብምኽንያት ሓገሱ እናገለጸ ከሎ ኢና ረኺብናዮ። ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ማሰረት ኩሉ ዓወታቱ ስድራ ቤቱ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ንመላእ ስድራቤቱ "እንቋዕ ሓገሰኩምን ፍረ ጻዕሪ ናይቲ ሓብሒብኩምን ከስኪስኩምን ናብዚ ደረጃ ዘብጽሕኩሞ ወድኹም ድማ እንቋዕ ኣርኣየኹም" ኢሉ።

መንእሰይ ኤሸን ኣብ ኮሌጅ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ፡ ብዘይካ'ቲ ዝቐሰሞ ኣካዳምያዊ ክልሰ ሓሳብን ግብራዊ ትምህርትን ኣብ ማሕበራዊ ህይወቱ'ውን ብዙሕ ከም ዝሓገዞን ርእሰ ምትእምማን ከዐቢ ከም ዘጥረየን ኣረዲኡ። ኣሰዪቡ ድማ በቲ ቀሲምዎ ዘሎ ዓውደ ፍልጠት ንህዝቡን መንግስቱን ብዝከኣሎ ከገልግል ምዃኑ ሓቢሩ። ንመንእሰያት ተመሃሮ ኣመልኪቱ ምኽሩ ክልግስ እንከሎ ድማ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ የማነጸጋም ከይበሉ ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀምሉ ኣዘኻኺሩ። "ብትዕግስትን ብትግሃትን ዝተማህረ ሰብ ፍረ ጻዕሩ ኣይሰእንን እዩ" ዝበለ ተመራቒ ኤሸን፡ ብድሕሪኡ ዘለዉ ተምሃሮ ብመማሃራኖም ንዝወሃብ ኩልንትናዊ ትምህርቲ ብልዑል ኣድህቦ ክኪታተልዎ ኣጥቢቑ ኣተሓሳሰበ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# መዘናገዒ

ማርታ'ክብሮም

## ኦ ሄንሪ

ዴላን ጂምን ዝበሃሉ ክልተ ኣዝዮም ዝፋቐሩ መንእሰያት፡ ዝውንንዎ ንብረት ኣይነበሮምን። እንተ ኾነ ጂሚ ወርቂ ሰዓት፡ ዴላ ድማ ኣዝዩ ነዊሕ ጸጉሪ ርእሲ ነበራ። እዋን ልደት ምስ ኣኸለ፡ እቶም ክልተ ፍቑራት ብልቦም ንሓድሕዶም ህያባት ክለዋወጡ ወሰኑ። ዴላ ጸጉራ ቆሪጻ ብምሻጥ ንኣፍቃሪኣ ሰንሰለት ናይ ሰዓት ገዚኣትሉ፣ ንሱ ብወገኑ ሰዓቱ ሸይጡ ኑቲ ነዊሕ ጸጉራ ዝኸውን ፈንቶ መመሸጥን ዓደገላ። እዚ ዛንታ ካብ ጽሑፋት 'ናይ ልደት ህያብ' ዝተወሰደ እዩ። እዛ ዛንታ ብብዙሓት ሰባት ተነቢባ እያ። እንተኾነ ብዙሓ ጹሓፊኣ ዝፈልጡ ውሑዳት እዮም። ደራሲ ናይዛ ህብብቲ ዛንታ፡ ኦ.ሄንሪ ብዝብል ስም ዝፍለጥ ዊልያም ሲደኒ ፓርተር እዩ።

ዊልያም ፓርተር ኣብ 1862 ኣብ ካሮላይና(ሕ.መ.ኣመሪካ) ኣብ እትርከብ ግሪንቦሮ እትብሃል ዓዲ'ዩ ተወሊዱ። ዊልያም ኣብ መበል ሳልሳይ ዓመቱ ኣደኡ ብሞት ስለ እተፈልየቶ፡ ምስ ዓባዩን ኣሞኡን እዩ ዓብዩ። ዊልያም ኸኣ ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ትምህርትን ምንባብን የዘውትር ነበረ። እንተ ኾነ ብሰንኪ ድኽነት ኣብ መበል 15 ዓመቱ ትምህርቱ ኣቋሪጹ፣ ኣብ መኽዘን መድሃኒት ክሰርሕ ጀመረ። ቀጺሉ'ውን ብዙሕ ከይጸንሐ ናብ ሆስቶን ብምግዓዝ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕ ተቖጺሩ ክሰርሕ ጀመረ።

ፓርተር ኣብ 1882 ናብ ከተማ ኣወስቲን ከይዱ ተመርዓወ። ድሕሪዚ 'ሮሊንግ ስቶን' ኣብ ዝተባህለ ጋዜጣ ከም ጹሓፊ ኮይኑ ሰርሐ። እንተ ኾነ እታ ጋዜጣ ስለ ዝተዓጸወት፡ 'ሆስቶን ፖስት' ኣብ ዝተባህለት ካልእ ጋዜጣ ከም ኣዳላዊ ዓምዲ ኮይኑ ክሰርሕ ጀመረ። ብዙሕ ስርሓት ዝፈተነ ፓርተር፡ ቀጺሉ'ውን ኣብ ሓደ ባንክ እዩ ስራሕ ጀሚሩ። ኣብዚ ስራሕ'ውን ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ካብቲ ባንክ ገንዘብ ምስ ተሰርቀ፡ ቀዳማይ ተሓታቲ ኮነ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ቤት ማሕቡስ ተዳኸ።



ህይወት ቤት ማእሰርቲ ንፓርተር ብዙሕ እዩ ምሂሩዎ። እቲ ቀንዲ ዝተፈልጠሉ ሓጻር ዛንታ፡ ኣብ ቤት ማሕቡስ ከሎ ከም ዝጀመሮ'ውን እዩ ዝገልጽ። ኣብኡ ኮይኑ ዝጸሓፎ ድማ ናብ ዝተፈላለያ መጽሔታት ይሰዶ ነበረ። እሰር ኳንኻ ምጽሓፍ ስለ ዘይፍቀድ ግና ናይ ብርዒ ስም ክጥቀም ይግደድ ነበረ። ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ወጸ'ውን ስሙ ሃሲሱ እታ ናይ ብርዒ ስሙ 'ኦ ሄንሪ' መፍለጢቱ ኮነት።

ኣብ 1892 ናብ ኒውዮርክ ብምኻድ ኣብ መጽሔት ኒው ዮርክ ዎርልድ ስራሕ ጀመረ። ኣብቲ እዋን ከኣ ናይ ምጽሓፍ ዓቕሙ ዝያዳ እናጓዓለ ከደ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ኣብ መላእ ኣመሪካ ስሙ ገነ።

ብዙሓት ሰባት ብጽሑፋት ኦ. ሄንሪ ይድነቑ ነበሩ። ዝጽሕፎም ዝነበረ ዛንታታት ብዘይ ተጸበኻዮምን ኣይነቕትን ፍጻመታት እዮም ዝዛዘሙ። እቲ ባእሉ ዘማዕበሎ ቅዲ ከኣ ብስሙ ይጽዋዕ ነበረ።

ኦ.ሄንሪ ኣብ ጎደናታት ኒውዮርክ ብእግርኻ ምዃር ይፈትዎ ነበረ። ምስታ ከተማ ፍሉይ ፍቕሪ ከም ዝነበሮ እዩ ዝገለጸ፡ ኣብ ብዙሕ ጽሑፋቱ'ውን ጠቒሱዋ ይርከብ። ኒውዮርክ ኣብ መላእ ዓለም ክትፍለጥን ክትፍቶን ዓቢ ተራ ከም እተጻወተ'ውን እዩ ዝግለጽ። ሃርይ ጎደን ዝተባህለ ዓቢ ጸሓፊ፡ "ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ናብ ኒውዮርክ ክበጽሑን ክዕዱዋን ይመጹ። በጺሖም ከም ምኽንያት ዘምጽእዎ፡ ካብ ጽሑፋት ሄንሪ ብዛዕባ ከተማ ኒውዮርክ ከም ዘንበቡ ይገልጹ ነበሩ" ይብል።

ኣብ 1910፡ ሄንሪ ኣብ መበል 45 ዓመቱ ብሕማም ቲቢ ሞተ። ኣብ መወዳእታ ቀድሚ መሞቱ "እቲ መጋረጃ እስከ ኣልዕሉለይ፡ ንኒውዮርክ ንመወዳእታ ግዜ ክርእያ" ኢሉ ብመሳኹቲ ናይቲ ዝነበሮ ክፍሊ ነታ ከተማ ድሕሪ ምርኣዩ ናብ ዓዲ ኩልና ከደ።

## ሃረማት ግብጺ



ሃረማት (ፒራሚዳት) ግብጺ ንመቓብር ነገስታት ግብጺ ብዝብል ዕላማ እዮም ኣብ 2580 – 2565 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ተሃኒጾም። ግብጻውያን ድሕሪ ሞት ህይወት ከም ዘሎ ይኣምኑ ብምንባሮም እዮም ብፍሉይ ዕላማን ኣሰራርሓን ሰሪሖምዎ።

ሃረማት ግብጺ ብቐርጾም ኣብ ሰለስተ እዮም ዝኽፈሉ ነይሮም። ፒራሚዳት ጊዛ፡ ፒራሚዳት ኻፍረ ከምኡ'ውን ፒራሚዳት መንካውረ ይብሃሉ ነበሩ።

እቲ ካብ እምኒ ኖራን ዓረን ዝተሰርሐ መንደቕ፡ ነፍሲ ወከፍ እምኒ 2.5 ቶን ይምዝን ነበረ።

እዞም ሎሚ ካብ ዝህነጹ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ዓመታት ኣቑጺሮም ዘለዉ ሃረማት፡ ብዋግብጻውያን ባሮት እዮም ተሰሪሖም።

ናይ'ቶም ሃረማት ሓደ ካብቲ ብፍሉይ ዘገርም ኣሰራርሓኦምን ሒዞምዎ ዘለዉ ምስጢራትን እዩ። ሬሳታት ነገስታት ከየበላሸዉ ክሳብ ሎሚ ኣለዉ።

ጥንታውያን ግብጻውያን ሸሕ'ኳ ኑቲ ኣብ ፒራሚድ ዝቐመጥ ሬሳ ዘይትን ቀመማትን ለኺዮም፡ ብዓለባ ጠቓሊሎም ኣብቲ መቓብር የቐምጥዎ እንተ ነበሩ፡ ክሳብ ሕጂ ከይተበላሸወ ክጸንሕ ግን ቅርጺ ናይቲ ጋህሲ (ፒራሚድ) ወሳኒ ከም ዝኾነ እዮም ሊቃውንቲ ዝገልጹ።

ኣብ ገለ ዩኒቨርሲታት እተገብረ ፈተነ፡ ቍራጽ ስጋ ወሲዶም፡ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ብሚዛን ናይቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ፒራሚድ ብዓቐን ንኢሳ እተሰርሐት ፒራሚድ ምስ ኣቐመጥዎ፡ ንነዊሕ ግዜ ከይተበላሸወ ጸኒሑ።

ፒራሚዳት ግብጺ ሓደ ካብቶም ክሳብ ሎሚ ምስጢራዊ ኣሰራርሓኦም ዓቒቦም ዝኸዱ ዘለዉን፡ ዓመታዊ ሚልዮናት በጻሕቲ ዘለዉዎን እዩ።

## ምስላ ቀዳሞት

- ካብ ሃብታም ኣይትወለድ፡ ብሃብታምካ ተወለድ።
- ምስ ወዲ ሰላሳ ጉየ፡ ምስ ወዲ ኣርብዓ ምኸር።
- ሃበኒ ህበይ ይገብር፡ ከይብሉኒ ሰብነት የዕብር።
- ሃብታም ዝኾርዕ ድኽነት ደልዩ ክጠርዕ።
- ህሩፍ ንኣመሉ መንገዲ ዕዳጋ ይጸቦ።
- ህጡር ወጠጦ ኣብ እንዳ ኑብሪ ይድቅስ።
- ህሩፍ ኣብ መኣድኻ፡ ዕሩቕ ኣብ መጋርያኻ ኣይሰኣን።
- ህርፋን ጸባ ዘለዎ፡ ጋጉድ ማይ ወድአ።

## ትፈልጡ'ዶ



- ወዲ ሰብ ኣብ ልዕሊ መሬት ካብ ዝርከብ መጠን ኣታኽልቲ ኣስታት ሓደ ርብዒ ጥራይ ንመግቢ ከም ዝጥቀመሉ።
- ኣልኮል ስምዒት ሙቐት እምበር ሙቐት ከም ዘይህብ።
- ብርቱዕ ሓዊ ብማይ ከም ዘይጠፍእ (ብፍላይ እቲ ዝቃጸል ዘሎ ላምባ ዘይቲ፡ በንዚን ምስ ዝኸውን)።
- ሓርማዝ ንዝሞታ ብጾታ ከም እትቐብር።
- እናኣረግካ ክትከይድ ከለኻ ሓንጎልካ ሓድሽ ሓሳባት ምቕባል ከም ዝኸብዶ።
- ሰውነት ሓደ ማእከላይ ሰብ፡ ብልዕሊ 50 ቢልዮን ዋህዮታት ከም ዝቖመ።
- ሓደ ቫይረስ ብ10 ሽሕ ግዜ ካብ ሓንቲ ሚሊ. ሜትር ከም ዝንእስ።
- ሓንቲ ርግቢት ክሳዳ ከይጠወየት ንኹሉ ዙርያኣ ክትርኢ ከም እትኽእል።
- ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ ስም ደቂ ኣንስትዮ ሃና ክኸውን ከሎ፡ ስም ደቂ ተባዕትዮ ከኣ መሓመድ ከም ዝኾነ።
- ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 100 ሽሕ መድሃኒት ኣብ ዕዳጋ ከም ዝርከብ።
- መበቀል ናይ ሳንድዊች (ፓኒኖ) ካብ ስም ናይ ሓደ ሳንድዊች ዝበሃል ሰብኣይ ከም ዝመጽአ። ንሱ ብቐጻሊ ቁማር ምጽዋት የዘውትር ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ምምጋብ ግዜ ከየጥፍእ ኢሉ ከም ዝመሃዞ።
- ኣብ እዋን መጥባሕቲ ዝወሃብ መደንዝዚ መድሃኒት ቅድሚ ምምሃዙ፡ ሕሙም ካብ መጠን ንላዕሊ ኣልኮላዊ መስተ ኣሰቲኻ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ መጥባሕቲ ይግበረሉ ከም ዝነበረ።

## ንፍሽኽታ

ሓደ ድኻ ግና ጎራሕ ሰብኣይ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ገንዘብ ስኢኑ ኣዝዩ ስለ ዝተሸገረ፡ ገንዘብ ክረኽበሉ ዝኽእል መንገዲ ሃሰው ይብል ነበረ። ብዙሕ ድሕሪ ምሕሳቡ ኣብ ከባቢ ገዛውቱ ቀጻሊ ብመስኮት ናይ ፓላሶኡ ኮይኑ ንፋስ ዝወስድ ኣዝዩ ሃብታም ሰብኣይ ከም ዘሎ ዘከረ እሞ፡ ናብኡ ክኸይድ ወሰነ። ወዮ ድኻ ኣብ ጥቓ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ምስ በጽሐ፡ ንላዕሊ ገጹ እናጠመተ፡ "ኣንታ ኣምላኽ፡ ሎሚ ጎደሎ 100 ናቕፋ ኣይቅበለካን እየ" ኢሉ ሓለፈ። እቲ ሃብታም ይዕዘቦ ብምንባሩ ብዘረባ ናይቲ ሰብኣይ ተገረመ። ወዮ ድኻ ሰብኣይ ንጽባሒቱ'ውን ከምኡ እናበለ ሓለፈ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ግና እቲ ሃብታም ሰብኣይ ተሰዓን ትሽዓተን ናቕፋ ኣብ ዘንቢል ቀሪቡ ብምጽናሕ፡ ክመጽእ ምስ ረኣዮ ኑተን ገንዘብ ኣብ ታሕቲ ኣቐሚጡሉ ኣብ ላዕሊ ደይቡ ክዕዘቦ ጀመረ።

እቲ ድኻ ሰብኣይ ከም ኣመሉ፡ "ኣንታ ኣምላኽ . . ." ኢሉ ክዛረብ ምስ ጀመረ፡ ነታ ገንዘብ ዝሓዘት ዘንቢል ረኣያ'ሞ፡ ኣልዒሉ ምስ ቆጸረን፡ ሓንቲ ናቕፋ ከም ዝጎደለት ምስ ረኣየ ንላዕሊ እናጠመተ፡ "ኣንታ ኣምላኽ ንስኻ ድማ ከም ሰብ ኴንካ! እታ ሓንቲ ናቕፋስ ናይ ዘንቢል ዲኻ ሓሲብካያ፧" ኢሉ ዘንቢሉ ኣልዒሉ ከደ ይበሃል።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ብሮማውያን ዝተሰርሐ ቤት መቕደስ ኣርጤመስ ሓደ ካብቶም ሸውዓተ ህንጻታት ኣደነቕቲ ዓለምና ምዃኑ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ 356 ዓመተ ምህረት ግና ሓደ ሰብኣይ ኑቲ ቤት መቕደስ ኣፍረሶ። እዚ ሰብ ተታሒዙ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረ ምስ ተሓተተ ግና መስደመም መልሲ እዩ ሂቡ፡ "ዝኾነ ነገር ገይረ ስመይ ኣብ መዝገብ ዓለም ክሰፍር ስለ ዝደለኹ እየ" በሎም። በዚ ዝሓረቑ ሰብ ስልጣን ናይታ ሃገር፡ ኑቲ ሰብኣይ ብሞት ክቕጽዕዎ ወሰኑ። ብዘይካ'ዚ ስም ናይቲ ውልቀ ሰብ ካብ ዝኾነ መዝገብ ክድምሰስ፡ ብዝኾነ መንገዲ ስሙ ኣብ ገዛኡ ይኹን ኣብ ደገ ከይጽዋዕ ትእዛዝ ኣመሓላለፉ። እዚ ኩሉ ድማ ድሌታት ናይቲ ሰብ ምእንታን ከይማላእ እዩ። ይኹን እምበር ሄሮስትራተስ ቡቲ ዝገበሮ ኣብ መላእ ዓለም ተፈልጠ ደኣ።

# ስነ-ስርዓት ምምራቕ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት













ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ረፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)
ስእሊ. - ኣብርሃም በየነ
- ክብሮም ጸሃየ

ጽንብል ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ትማሊ 11 ሓምለ ኣብ'ታ ማእከል ኩሉ መዳያዊ ህንጸት መንእሰያት ዝኾነት ሳዋ ተኻዪዱ። እዛም ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ከምኡ'ውን ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠናታት ዝቐሰሙ ተመረቕቲ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝርከቦም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ



ሰራዊት፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ኣለይቲ ተመሃሮን ብሓፈሻ ማሕበረሰብ ሳዋ ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብወግዒ ተመሪቖም።

እቲ ስነ-ስርዓት፡ ብዘኽሪ ሰማእታት ምስተኸፍተ፡ ተመረቕቲ ሰልፊኛታት ብሃገራዊ ማርሽን ባንድ ተሰንዮም ንኽቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናይ ክብሪ ሰላምታ ኣቕሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ንተመረቕቲ 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ወለዲ፡ ኣለይቲ መምህራኖም "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ኣብቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ዝቐረበ ባህላዊ ማሰናድኢታት ቀስቃሲ፡ ደራኺ ድርዒ ምኻኑ ብምግላጽ "ኣገናዕ" ኢሉ፤ ተመረቕቲ ኣብ ምድላብ ፍልጠትን ኣፍራይነትን ኣብ ዘካይድዎ ዘይሕለል ጽገዎት ደማ ክዕወቱ ሰናይ ምንጾቱ ገለጸ፤ እታ ዕዙዝቲ ዕለት ኣብ ህይወት እቶም ተመረቕቲ ኣገዳሲት መድረኽ ብምዃና ወጽኢት ፈተና ብዘየገድስ፡ ኣካዳምያዊ ድርኺት ብዝሓየለ ክውጠን ስለዝለዎ፡ ቀዳምነታቶምን ኣተኩሮኦምን ዓይነታዊ ፍልጠት ኣብ ምድላብን ብዘየሰልኪ ስራሕን ማሃዙትን ኣብ ምዕባይን ክኸውን ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ፤ ኣብ ዝጉብርዎ ተበግሶታት ናይ ኑቦም ዕቤትን መጻኢን ኣብ ቅሳነትን ራህዋን ቤተሰብን ሃገርን ዝህልዎ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዓቢ ብምዃኑ፡ ዚ ብምግንዛብ ከቢድ ሕልናዊ ሓላፍነት ዘለዎም ምኻኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ መውዳእታ፡ ሰድራን ቤተሰብን ከምኡ ከኣ ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብ ኣካዳምያዊ ጉዕዞ ትምህርትን ዝምሮእ ምክትታልን ደገፍን ክገብሩ፥ ምዝኽኻር ዘድልዮ ግድነት ከም ዝኾነ'ውን ኣተሓሳሰበ። ተመረቕቲ ኣብ ዘካይድዎ ዘይሕለል ትግሃት ዓወት ክጎናጸፉ፥ ሰድራ፡ ሕብረተሰብ፡ መምህራንን ኣለይትን'ውን ኣሳልጦ ክረኽቡ ሰናይ ምንጾቱ ገለጸ፤

ድሕሪ'ቲ ንምርኢት ዝቐረበ ሰሙር ምርሻ፡ "ሳዋ" ዘርእስታ ደርፊ ብቛንቋ ትግራይት ብድምጻዊ መንእሰይ መንሱር ሳልሕ ቀሪቡ፤ ብምቕጻል፡ ብሕብሪ ባንዴራ ኤርትራ ዝወቀበ ልዕሊ 1400 ተመረቕቲ ዝሓዘ መራሒ ወተሃደራዊ ሰልፊ እዩ ንምርኢት ቀሪቡ። ሰልፊኛታት ንቲ ብኽብሪ ማሰዋእቲ ዝረኸብናዮ ባሕርና ዝገልጽ፡ "ባሕርና ርስትና" ዝብል ቅርጺ ጽሑፍ ብዘደንቕ ጥበብ ኣቕሚሞም። ድምጻም ክብ ኣቢሎም ድማ፡ ንሉብታም ቅርሳዊ ባሕርናን ወደባቱን ዝገልጽ ትሕዝቶ "ቀደሕ ባሕርና ንያትና፡ ክብርና፡ ኣርማና፡ ህላወና፡ ደጀንና፡ ርስትና" እናበሉ ኣድሚጾም። ከም ተረኽቡቲ ወለዶ መጠን ኑቶም ብትዕቢትን ጠገለ ዘይብሉ ስስዕትን ዝዓበዩ ጸላእትና፡ ልቦም ዝሰንጥቕ መትከላዊ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም። ቀጺሉ፥ "ኤርትራውነት ዘለዓበን መንነት" ብዝብል ንመንፈስ ኤርትራዊ ዘኩልሕን ንምኽልኻልን መኸተን ዘንጸባርቕን ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ኣብ 20 ዓበይቲ ብሎኮት ተመቓቒሉ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪቡ። ጉጅለ ባህሊ ኣውላ - ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እዚ ምዕራብ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ መሳጢ ምርኢት ኣቕሪቡ፤ "ኣማን ኩልዩ ሳዋ" እትብል ደርፊ ብቛንቋ ናራ ምስ ሰዓበት፡ ብቛንቋታት ብዳዌት፡ ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ኩናማ፡ ዓፋር ንኽብሪ'ቲ ዕለተ መመረቕታ





ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

ዝተሰናደአ ሓደስቲ ደርፍታት ተር ከም ዓተር ብዘሰሃይቲ እናተሰዘየ ቀሪቡ።

ብዘወሃኸ፡ ሞኖሎጋዊ ግጥምታት፡ ብህጻን መርሃዊ ካብ መደብር ታዕሊም ሳዋን፡ ዓወት ሃብቶም ካብ እዚ ምዕራብን ተመራሪሐን ቀሪበን።

ጽንብል ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ፋሕፋሕ እናበለ ምስ ጥዑም ኩነታት ኣየር ተሰንዩ እናተኻየደ እንከሎ፡ "ሳዋ እናበልካ ዝርያ" ዘርእስታ ኮሜዲያዊት ድራማ፡ ብኣባል ዓባይ ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ሚ/ሪ ምክልኻል ስነ-ጥበበኛ የሃንስ ሃብተገርግሽ (ጆን-ሚራ) ዝተደርሰት፡ ብስነ-ጥበበኛታት ፍዮሪ ተኸስተ፡ ናትናኤል ሰለሙን (ቦቲ)፡ ቤትኤል የሃንስን ምስ ተለሃይቲ ጉጅለ ባህሊ ኣውላ ብምውህሃድ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪባ፤

መንእሰይ ከይተማህረን ተፈቲኑ ተመኩሮ ከይቐሰመ፡ ከምኡ'ውን ብኣካልን ኣእምሮን ከይተሃንጸን ከይበሰለን፡ ኣብ ልምዓትን መኸተን ኩታ ህንጸት ሃገር ክሳተፍን ከበርክትን ስለዘይክእል፡ መንእሰያት ብሞያን ትምህርትን ምህናጽ ሕርያ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ቅድመ ኩነት ምኻኑ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ከምዚ ዓይነት መመረቕታታት ከም እዋናዊ ኩነት ብተደጋጋሚ ገለጽዎ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እንሆ ሎሚ፡ ኣብዛ ቁራዕ ጅግንነት ዝኾነት ቦታ ዝተሃንጹ ኣሽሓት መንእሰያት እዛ ሃገር ንምረቓ በቒዖም ደርኪቦ። ከም'ዚ ሎሚ ኣብ ሳዋ ፈርዩ እንርእዮ ዘሎና መንእሰይ እዩ ድማ፡ ሳላ ኩሉ ቀዳምነታቱ ኣወንዚፉ ናብቲ ሃገር እትጠልቦ ዕማም ዝወፈረ፡ ሎሚ በርኹ ንርእዮ ዘሎና። እዚ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ንመንእሰያት ዘለኸሞ ሓላፍነት ሪዚን እዩ። ናብ ዝቕጽል ምዕራፍ ብዝለዓለ ናህርን ኣፍራይነትን ክሰጉሙ ትምኒት ወለዶም፡ ኣለይቶምን መምህራኖምን፡ ሕብረተሰቦም፡ መንግስቶም እዩ።

ሳዋ ኣብ ምዕራባዊ ዶብ ኤርትራ እትርከብ ቦታ እያ። መንእሰያት ኩሉ መዳያዊ ንቕሓቶም ከበርኽ ዝኽእል መደብት ዝዩደላ ሃገራዊት ባይቶ መንእሰያት መንእሰያት ብሃገራዊ ክብርታት፡ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ናይ ስራሕ ባህሊን ተጻዋርነትን ደስፒሊንን ርእሰ ምትእምማንን ብሓድነትን ፍቕርን ሓደ ብሓደ እትኸስከሰ ቦታ እያ። ከም ወጽኢት ናይዚ እንጠቕሶ ዘለና ድማ ብሳዋ ዝሓለፈ መንእሰይ ኣብ ሃገራዊ መደባትን ልምዓትን መኸተን ብልዑል ተወፋይነት ከም ዝሳተፍ እትገብር ቅርዓት ሃገራውነት እያ። ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ካብ ፈለማ ክሳብ ሕጂ በብመድረኹ ካብ ሳዋ ተመልሚሎምን ሰልጢኖምን ዝወጽኡ ኣሽሓት ኤርትራውያን መንእሰያት እኹል ምስክር እዩ። ሳዋ ዋሕስ ሃገርን መደብር ህንጸት መንእሰያት ኤርትራውያን እያ። ካብ 1994 ጀሚራ ድማ፡ ብሃገሮምን ህዝቦምን ዝሕበኑ ኣሽሓት መንእሰያት፡ ኣብ ከርሳ መልሚላ ናብ ስራሕ ዘዋፈረት እምንቲ ቦታ እያ።

ኣብቲ ዕዙዝ ጽንብል፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮ/ል ደብሳይ ግደ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ተመረቕቲ ብልዑል ተወፋይነት መምህራንን ኣለይትን፡ ኣብ ኩሉ እቲ ኣብ ሳዋ ዝተወሃበ ትምህርቲ ልዕሊ 96 ምእታዊት ዕውታት ኩይናም ንምምረቕታ ምብቕዖም "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ከም ዝሓለፉ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ኣብ ኩሉ እቲ ዝወፈርሉ ሃገራዊ ዕማም ብቐዓቶም ከም ዘረጋግጹ ልዑል እምነቱ ገለጸ።

ተመረቕቲ ካብ መላእ ሃገር ዝርከብ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመጹ ኩይናም፡ ን8 ኣዋርሕ ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳማያዊ ትምህርቲ፡ 4 ወርሒ ድማ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ከምኡ'ውን ስነ-ምግባር ኣካላዊ ህንጸትን ዘጠቓለለ ስልጠና እዮም ቀሲሞም።

ከም'ቲ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ኣብ ምዕቃብን ምኽባርን ልኡላውነት ሃገር ብማሰዋእቶም ህዝቦም ዘድሓኑ መንእሰያት፡ ካብ ካልእ ዘይኮነስ ካብ'ዛ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ፈርዮም ዝተራብሑ ብሉጻት ሰባት እዮም። ምኽንያቱ ሳዋ ሰብ ዝህንጸሉ ምንጪ ሓይሊ ኤርትራውያን እያ። ብዕብየኡ ከኣ ንታ እንምንያ ኤርትራ ዝሃንጽ ሓንጎል ዝፈርየላ ኣብ ርእሲ ምዃና፡ ካብ ጽግዕተኛነት እተገላግል መምህር ኩለንተናዊ ህይወት ኣእላፍ ኤርትራውያን እያ- ሳዋ። ብሓጺሩ መዓስከር ሳዋ ሃገርም ዘድሕኑ ብሓድነት ዝዋስኡን ሞያዊ ብቕዓትን ትምህርትን ዝድልቡላ ቦታ እያ።

ሳዋ፡ ንኹሎም ኑቶም ኣብ ምዕቃብ ናጽነትን ክብረትን ሃገርም ንታ ዘይትትካእ ህይወቶም ዝኸፈሉ ሓርበኛታትን ገና ሃገርም ዝኮሽኩን ዝሃንጹን ዘለው ጀጋኑን እያ ተዘኻኽረና። ህላዌና ምንባርና ተዋሒሱ ዝመልከዐ ድማ ሳላ ሳዋ እዩ። ሳዋ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከም ሕክምና፡ ኢለትሮኒክስ፡ ህንጻ ዝኣመሰለ ብቑዕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ወፊና ትርከብ ውቕብቲ ከተማ ኮይና ኣላ። መንእሰያት ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ሃገርና ሐዚሞ ዝመጽኡ ባህላዊ ብዙሕነትን ፍልጠትን ሞያን ብቕዓትን ኣብ'ዚ ቦታ ብምርኻብ እዮም ሓድነቶም ዘደልድሉ። ብሓፈሻ፡ ሳዋ መንእሰያት ኣብ ሓደ መኣዲ ብምስታፍ ተመኩሮን እናቐሰሙ ሓድሕድ ፍልጠትን ባህልን ዝለዋወጡላን ዝወራረስላን ማእከል እያ። ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ መንእሰያት ከይተረፉ ሃገራዊ ግቡኦም ንኽፍጽሙ ዝመጽኡላ ቦታ ብምዃና፡ ዜጋታት ንኽለልዩን



ንኽዕዘዙን ብኤርትራዊ መንፈስ ዝዕበዩላ ቦታ እያ። መንእሰያት ኤርትራ፥ ኑቲ ኣብ ኑቦም ዝኮየድ ወፍርን ጻዕርን ምኽሳቡስ ሃገራዊ ንቕሓት ብዝምሮእ ተረዲኦም፡ ካብ ሳዋ ምስ ወጹ ኣብ ሃገራዊ መደባት ክዛጥፉን ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩን ንዕዘቦም ኣሎና። ብሓጺሩ ሳዋ ሃገርም ዘጸንዑ፥ ህዝቦም ዝሕብሕቡ ዜጋታት እትኸስከሰ ቤት መንእሰያት ኤርትራ እያ። ሳዋ፡ እሙናት ሰባት እያ ትሃንጽ። እምነ ኩርናዕ ኣተሓሳስባ ሸባባት ኤርትራ እያ። ምኽንያቱ ባህልን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ፥ ዳምጣይ ኣብ ሳዋ ስለዝተኸልዐ።

ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ጨመተ ተኹሲ፡ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ስልታዊ ጥበባት፡ ባህልን ስነ-ምግባርን ኣጠቓላሊ ወተሃደራዊ ሰልፊ ጸብለል ኢሎም ንዝዛዘሙ ተመረቕቲ፥ ዕውታት ንዝኾኑ ኣሃዱታትን ኣለይትን ካብ ኢድ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስን ሽልማቶም ተቐቢሎም።



ተመረቕቲ ንሃገሮምን ህዝቦምን ብእምነት ከም ዘገልግሉ ቃለ-ማሕላ ድሕሪ ምፍጻም ድማ፡ እቲ ብምርሻ ባንድ፡ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ብዝተፈላለዩ ባህላዊ ምርኢት ተሰንዩ፡ ካብ ሰዓት ካብ ወጋሕታ ክሳብ ሰዓት 8:40 ቅ/ቐ ዝደመቐ ወግዓዊ ጽንብል ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: UG Construction Miner**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To perform underground mining and construction activities safely and efficiently in support of mine development, rehabilitation, concrete work, wall construction, ground support installation, and production operations while maintaining compliance with company safety standards, operational procedures, and production targets.

**Essential Functions**

- Perform underground construction and mining duties including drifting, scaling, concrete work, wall construction, ground support installation, and rehabilitation work.
- Install rock bolts, cable bolts, mesh, shotcrete support systems, and other ground control measures.
- Construct underground walls, barricades, and concrete structures according to engineering specifications.
- Operate underground mining and construction equipment safely and efficiently.
- Assist with mine development, service installation, and infrastructure maintenance.
- Conduct workplace inspections and identify hazardous ground or unsafe working conditions.

**Main Functions**

- Perform shotcrete application to ground surfaces according to engineering designs
- Conduct pre-start inspections and routine maintenance of shotcrete equipment
- Assist with installation of ground support systems, including mesh and bolts
- Monitor work quality and adjust procedures as needed to meet specifications
- Maintain equipment, tools, and work areas in good condition

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Underground Construction and Development**

- Perform underground mine development and construction activities according to engineering and operational requirements.
- Assist with drifting, excavation support, rehabilitation, and infrastructure installation.
- Support mine expansion and maintenance projects underground.

**Concrete Work and Wall Construction**

- Prepare, place, and finish concrete for underground construction projects.
- Construct underground walls, barricades, forms, and support structures according to specifications.
- Assist with formwork setup, reinforcement placement, and concrete curing processes.

**Ground Support Installation**

- Install rock bolts, cable bolts, mesh, straps, and shotcrete systems.
- Inspect ground conditions and identify areas requiring additional support.

**Underground Equipment Operation**

- Operate underground loaders, utility vehicles, bolters, and construction equipment safely.
- Perform equipment inspections and report defects or maintenance issues.
- Act as a role model in performance and behavior

**Communication and Coordination**

- Maintain clear communication with supervisors and team members
- Provide accurate feedback on production and equipment performance

**Safety and Compliance**

- Adhere to all mine safety regulations, procedures, and company standards.
- Participate in safety meetings, risk assessments, and emergency response activities.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Ability to work in confined underground environments with exposure to dust, noise, heat, vibration, and varying ground conditions.
- Physically capable of performing strenuous labor, lifting heavy materials, and working extended shifts underground.
- Willingness to work rotating schedules, overtime, weekends, and emergency call-ins when required.
- Must wear personal protective equipment (PPE) and comply with all underground safety requirements.
- Strong commitment to maintaining a safe, productive, and incident-free workplace

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • High school diploma or equivalent preferred.<br>• Experience in underground development, rehabilitation, and construction activities.<br>• Previous experience working in an expat or developing workforce environment (preferred)<br>• Trainer/Assessor certification (advantageous for expat role). | • Minimum of 5 years' underground mining or underground construction experience required.<br>• Experience in underground mine development, rehabilitation, concrete work, and wall construction activities.<br>• Experience operating underground mobile equipment and mining machinery.<br>• Experience with formwork installation, concrete placement, and underground structural construction.<br>• Experience working in a multicultural or developing workforce environment<br>• Ability to work in physically demanding underground environments and rotating shifts. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Underground mine development and construction<br>• Concrete work and underground wall construction<br>• Formwork installation and concrete placement<br>• Rock bolting and cable bolting<br>• Underground equipment operation<br>• Material handling and transport<br>• Reading mine plans and engineering drawings<br>• Basic rigging and lifting techniques<br>• Knowledge of ventilation requirements and dust suppression techniques | • Strong safety-first mindset<br>• Effective communication across language and cultural barriers<br>• High level of accountability and professionalism<br>• Drive and enthusiasm<br>• Team-oriented with the ability to influence and coach others<br>• Proactive and solution-focused approach. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ቢንያም ግርማይ ካልኣይ ኣትዩ
### ውዕሎ ሻሙነይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ

ሻብዐይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ንናይ ሸኡ ተቐዳደምቲ ብቐዓቶም ክርእዩ ዝፈቐደት'ያ ነይራ። ተም መርሊር ከኣ ከሰቡሉ። ናይ ትማሊ ሻምነይቲ መድረኽ፡ ዚ ቤልጅማዊ ተቐዳዳማይ ዶ፡ ወላስ ንኻልኦት ዕድል ተርሕወሎም ዝበል ሕቶ ሒዟያ ፈሊሙ። ካብ ፐሪጉይክስ ናብ በርጋር ዝወሰድ ጽርግያ ካልእ ናይ ሸኡ ቅልስ ክርእዩ'ውን ትጽበት ነይሩ።

እዛ 180.4 ኪሎ ሜተር እትሸፍን መድረኽዚ'ኣ፡ ወላኳ ንናይ ሸኡ ተጻወትቲ ዝሓዘ ጋንታታት ክፍትን ዝኽእል ተኸእሎታት እንተ ዘይብራ፡ እተን ናብ ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ዝወስዳ ክልተ ኩርናዓት ግና ንወጽኢት ጸወታ ክቕይራ ትጽበት ዝተገበረለን እየን ነይረን። ተም መርሊር ነዛ መድረኽ ክዕወተላ ዝለዓለ ግምት ተዋሂቡዎ እዩ ነይሩ። ቢንያም ግርማይ ካልኣይ ግምት ክወሃቦ እንከሎ፡ ኦላቭ ኮይ፡ ሶረን፡ ፊሊፕሰን፡ ማክስ ካንተር ኣገራሚ ዓወት ክገጽብርቑ እውን ግምታት ተዋሂቡ ነይሩ።

ተጻወትቲ ብሓባር ጉዕዞኦም ኣብ ዘሰላስሉ ዝበሩ፡ ሰለስተ ንቕጠልያ ማልያ ዘድሞገሉ ተቐዳደምቲ ሞሊቓም ከዱ። ነታ ኣብ ማእከል ዝበረት ሾላታ ኮኑ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ተርታ ሒዞም ሰገሩዋ። ዓባይ



ጉጅለ ኣብ ዘሳድዶ ሸኡ ፍሊፕሰን ብምዕዋት 14 ነጥቢ ወሰደ። ካንተር 12፡ ፔደርሰን 10፡ መርሊር 9፡ ብንያም ከኣ 8 ነጥቢ ወሰዶም። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ከኣ ፔደርሰን ብ214 ክመርሕ እንከሎ፡ ብንያም ብ161 ነጥቢ ተፈንቲቱ ደሰዐ። ተቐዳደምቲ ናብ ፍጻመ ገጾም ክግስግሱ እንከለው፡ ክልተ ኩርናዓት ተዓጺፎም ናብ ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ሓያል ህልኽን ቅልስን ኣዘውረቑ። ተም መርሊር ዕወት ሻምነይቲ መድረኽ ኩይኑ። ልዑል ናይ ቅጽበታዊ ብቕዓት ዘንጸባረቐ ተቐዳዳማይ ኤንኢስ ኤን ቢንያም ግርማይ ከኣ ካልኣይ ብምዃን ሕንጻጽ ረገጸ። ቢንያም፡ በዚ ዘመዝገቦ ወጽኢት ነጥቡ ናብ 203 ክብ ኣቢሉዎ ይርከብ። ብ228 ነጥቢ ፔደርሰን ቀጠልያ ማልያ ኣብ ዝባኑ ክትክውን እንከሎ፡ መርሊር ብ213 ካልኣይ፡ ቢንያም ድማ፡ ብ25 ነጥቢ ጥራሕ ድሒሩ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ይርከብ።

## "ንፈረንሳ ኣይንፈርሓን ኢና፡" ላሚን ያማል

ስጳኛ፡ ዓርቢ ምሸት ንቤልጅዩም ብምርታዕ ድሕሪ 16 ዓመት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2026 በጺሓ ትርከብ። ስጳኛ፡ ካብ ፋብያንን መሪኖን ሸቶ ብምርካብ'ያ 2ብ1 ተዓዊታ።

እቲ ኣብ ግጥም ኣንጻር ቤልጅዩም ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተባህለ ላሚል ያማል ከኣ፡ ኣተከርኡ ናብ ናይ ዲዲር ደሻምፕ ፈረንሳ ኣቕኒዑ ይርከብ። ስጳኛ ኣብ ዓቢ መድረኽ ክትጋጠም ከም ዝመጸኣት ዝገለጸ ያማል፡ "ሕጂ ንዕርፊሉን ብዝዕባ ፈረንሳ ንሓስበሉን'ዩ። ዝሓለፈ ምስ ፈረንሳ ክልተ ግጥም ኣካይድና ኢና፡ ኣብ ክልቲኡ ድማ ሰዒርናዮም፡



ስለዚ ንሕና ኣይንፈርሖምን ኢና" ኢሉ።

ምስ ፈረንሳ ኣብ ዘካይድዎ ግጥም ክልተ ዕድል ከም ዘሎ ወሲኹ ዝገለጸ ያማል፡ "ወይ ንኣቶም ንሳልሳይ ተኸታታሊ ግዜ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክበጽሑ'የም ወይ ንሕና ንሳልሳይ ግዜ ክንስዕሮም ኢና" ክብል ተዛሪቡ።

ኣብ ዋንጫ ዓለም ከምቲ ትጽበት ዝተጉበረሉ ሸቶ ዘየምዝገበ ዘሎ ያማል፡ ንዝቐረበሉ ነቐፌታ ውዱቕ ገይርዎ። ያማል፡ ሃገሩ የሮ 2024 ንኽትዕወት ዝገበሮ ኣበርክቶ ከም መርትዖ ብምጥቃስ ድማ፡ ልዕሊ ናቱ ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ጉዳይ ናይ ሓባር ዓወት ከም ዘገድስ ይሕብር። ፈረንሳን ስጳኛን 14 ሓምለ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ግጥም ክካይዳ እየን። እቶም ኣብ ርያል ማድሪድን ባርሴሎናን ብምዃን ልዑል ምትህልላኽ ዘንጸባርቑ ክሊያን ምባፐን ላሚን ያማልን ከኣ ፊት ፊት ክራኸቡ'የም።

## ማነ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ተሰናቢቱ

ሴኔጋላዊ ኣጥቃዓይ ሳድዮ ማነ ብወግዒ ንሃገሩ ወኪሉ ጸወታ ካብ ምኻይድ ከም ዝተኣለየ ገሊጹ። ማነ ንሃገሩ ኣብ 130 ግጥማት ሓሊፉ ጋንታ ኮይኑ ብምምራሕን ዋንጫ ኣፍሪቃ ብምዕታርን ኮኾብ ተጻዋታይ ሴኔጋል ምዃኑ ዘመስከረ'ዩ።



ሳድዮ ማነ ዚ ስዑምቲ ድሕርቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ብቤልጅዩም 3ብ2 ዝተሳዕሩሉ ኣሕዚ ግጥም፡ ክውሰኖ ተገዲዱ። ማነ ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ ስንብታ ደብዳቤ ኣብ ግዜኡ ዝኸሳ ዝተመዝገበ ድኽም ወጽኢት እንተሎ ህዝቢ ይቕሬታ ክሓብረሉ ብምሕታት፡ "ዘቋርጽ ደገፍኩም ሞተረ ዓወተ'ዩ ነይሩ" ድሕሪ ምባል፡ "ነዛ ጥንዴራ ከሎ ዓይነት መሰዋእቲ ከም ዝኸፈልኩ ይፈልጥ'ዩ፡ ከሎ ዓቕመይ ሂበ ንሃገረይ ደማ ወትሩ ብዘይገደብ ክቃለስ'የ" ኢሉ።

ሳድዮ ማነ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ከኣ፡ "ጽባሕ ተመኪሮይ ኣብ ሃገረይ ከውዕሎ'የ። ከም ኣባል ተኻእ፡ ኣሰልጣኒ ወይ ደማ ኣብ ምምሕዳራዊ ኣካል ብምዃን ክሳተፍ'የ" ብምባል ካብ ኩዕሶ እግሪ ሴኔጋል ከም ዘይርሕቕ ኣረዲኡ።

ሃገራዊት ጋንታ ሴኔጋል ብወኸ ምስ ምስንባት እቲ ን14 ዓመት ዘገልገለ ሓሊፉ ጋንታኣ፡ መስመር ምጥቃዓ ብሓደሽ ወለዶ ንምትካእ ተበግሶታት ክትወስድ ጀሚራ ትርከብ።

## ቹኣመኒ ምስ ርያል ማድሪድ ክጸንሕ ተሰማሚዑ

ወዲ 26 ዓመት ፈረንሳዊ ቹኣመኒ ምስ ርያል ማድሪድ ክሳዕ 2031 ክጸንሕ ከም ዝተሰማምዐ ተሓቢሩ። ቹኣመኒ ምስ ማድሪድ ዝጸንሖ ውዕል ኣብ 2028 ዝበቕዕ'ዩ ነይሩ። የግዳስ ተወሳኺ ሰለስተ ዓመት ዘጸንሖ ሓድሽ ኩንትራት ብምኽታም ከኣ ንማድሪድ ንዊሕ ዓመት ከገልግል ወሲኑ።



ኣብ ክራምት 2022 እዩ ካብ ሞናኮ ናብ ርያል ማድሪድ ተጸንቢሩ። ኣብ መስመር ምክፍፋል ከኣ ናይ ነዊሕ ዓመት ተካኢ ካሰሚሮ ክኸውን ዓዪኒ ወዲቕዎ - ቹኣመኒ። ተዓጻጻፊ ታክቲካዊ ብቕዓቱ ዋሕስ ዳሕረዋይ ማእከላይ መስመር ምክፍፋል ምዃኑ ኣመስኪሩ። ኣብ ትሕቲ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ኣሎንሶን ኣርቤሎኣን ድማ እቲ ዘይትካእ ተጻዋታይ ርያል ማድሪድ ተበሂሉ። ዝሓለፈ ዓመት ግና ዛንታኡ ካልእ መልክዕ ሒዙ። ማድሪድ ሕማቕ ወቕቲ እናሕለፈት፡ ንሱ ከኣ ክልተ ግዜ ምስ ወዲ ጋንታኡ ቫልቨርደ ተባኢሱ። መቐየሪ ክፍሊ ማድሪድ ተረቢሹ። ማንቸስተር ዩናይትድ ድማ መተካእታ ካሰሚሮ ክኸውን ጠመተ ከም ዝገበረትሉ ገሊጹ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ፡ ርያል ማድሪድን ቹኣመኒን ዝፈላለ'ዩ ግዜ ዝኣኸለ መሳሉ ነይሩ።

ምምጻእ ሀዜ ሞሪኖ ናብ ርያል ማድሪድ ግና ንመጻኢ ቹኣመኒ መዕለቢ ገይርሉ። ምስ ማድሪድ ክሳዕ 2031 ክጸንሕ። ቹኣመኒ ኣብዚ ግዜ ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ምስታፍ ይርከብ።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት
### እቲ ንመንሸሮ ዝመለኸ ተቐዳዳማይ

ወዲ 19 ዓመት እንከሎ'ዩ ኣብ 2015 ፕሮፈሽናል ቅድድም ብሽክለታ ጀሚሩ። ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ብምስታፍ ስሙ ከድምቕ ከኣ ናይ ወትሩ ሕልሙ ነበረ። ነታ ካብ 2017 ክሳዕ 2023 ማለአ ለቢሱ ዝተጻወተላ ኢኖ-ኤክሱ ሞብልቲ ደጊሙ ለሚ ዓመት ተመሊሱ። ስሙ ድማ ኣብ ኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክለታ ተደሚጹ። ብ7 ሓምለ 2026 ኣብ ራብዓይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ - ቶረስቴን ታረን ተባሂሉ። ቶረስቴን ታረን ድሕሪ 11 ዓመት፡ ኣብ መበል 30 ዓመቱ፡ ብጫ ማልያ ዙር ፈረንሳ ክሉብስ በቒዐ።

ኣብ 2022 ኣብቲ ታሽዓይ ደረጃ ሒዙ ዝዛመሉ ዙር ካቶሎኒያ ዘጋጠመ ክስተት'ዩ። ቶረስቴን ታረን መርመራ ጸረ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ክገብር ቀረበ። ሃንደበት ከኣ ዘይፈልጦ ሕማም ተረደአ። ሓኪይም መንሽሮ ፍረ ኑቢሲ ከም ዘለዎ ሓበርዎ። ሃንደበት ሕማም ዝተፃገሮ ቶረስቴን ታረን ንግዜኡ ንድሕሪት ተመልሰ። ይኹን እምበር ንዘጋጠሞ ክበድሆ ደኣ ወሰነ። መጥባሕቲ ብምኽያድ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናብ ቅድድም ብሽክለታ ተመልሰ። ኣብ 'ክራይተርዩም ዶ ፊን' ከኣ ሻምናይ ደረጃ ሒዙ ብምምዛዙም ምስ ብቕዓቱ ከም ዝተመልሰ ኣረጋገጸ። ኣብ 2023 ድማ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዙር ፈረንሳ ተሳቲፉ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ ቮልታ ስጳኛ፡ ንኣርባዕተ መዓልቲ ቀያሕ ማልያ ኣብ ዝባኑ ወዓየ። ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ዙር ፈረንሳ ከኣ ንኽልተ መድረኻት ብጫ ማልያ ለቢሱ - ኣብ ሓምሻይትን ሻድሻይትን መድረኽ።



"መንሽሮ ምስ ተታሕዘካ እንታይ ከም እትኸውን ኣይትፈልጥን ኢኻ። ኣነ ድማ ብጽቡቕ ደረጃ ምምላሰይን ኣብ ዓለም ንዝለዓለ ውድድር ክመርሕ ምብቃዐይ ሕጉስ'የ" ክብል ድሕሪ ናይ ብጫ ማልያ ዓወቱ ተዛሪቡ። ማዕከናት ዜና ድማ "ቶረስቴን ታረን እቲ ንመንሸሮ ዝመለኸ ተቐዳዳማይ" ዝበል መጸውዒ ሂበንኦ ይርከባ።

### መደብ ጸወታ

**ሰንበት**

ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ክረምታዊ ውድድር ሰሪዑ ይርከብ። እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ዝሳተፍዎ ውድድር፡ ለሚ ኣብ ከበቢ ጸጸራት ክሳላሰል'ዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ማንዩናይትድ ናብ ማኑ ኮሳ ትዘውር**

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ጉዳይ ተጻዋታይ ኣትላንታ ኤደርሰን ብድራማዊ ኣገባብ ምስ ወደቐ፡ ናብ ናይ ሮማ ኣከፋፋሊ ማኑ ኮሳ ከም ዝዞረት ተሓቢሩ። ዩናይትድ፡ ካብ ዕዳጋ ናይቲ ውልቃዊ ስምምዕ ብምግባር ሕክምናዊ መርመርኡ ዝዛመ ኤደርሰን ሃንደበት'ያ ኢዳ ሰሒባ። ማዕከናት ዜና፡ ዩናይትድ ተወሳኺ ሕክምናዊ ጠለብ ብምቕራባ፡ ካብ ጉዳይ ኤደርሰን ከም ዝወጸት ይገልጻ። ኣትላንታ ግና ኣካላዊ ጥዕና ኤደርሰን ዘይከኣ እቲ ጉዳይ፡ ቀልቢ ሓለፍቲ ዩናይትድ ናብ ካልእ ስለ ዝቐየረ'ዩ ብምባል ገሊጹ። እቲ ቀልቢ ዝሰሓበ ድማ፡ ፈረንሳዊ ኣከፋፋሊ ማኑ ኮሳ እዩ። ሮማ ንማኑ ኮሳ 45 ሚልዮን ፓውንድ መሸጢ ዋጋ ሰሊዓትሉ ትርከብ።

- **ሲቲ ንኣርሰናል በሊጻ ንጀረሚ ሞንጋ ወሲናቶ**

ማንቸስተር ሲቲ፡ ንወዲ 17 ዓመት ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ለሲስተር ሲቲ ጀረሚ ሞንጋ ብ10 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪሞቶ። ኣርሰናል፡ ዚ ተጻዋታይ ብደቒቕ ክትከታተሎ ምጸንሓ ይፍለጥ። ይኹን እምበር ማንቸስተር ሲቲ ንኣርሰናል ቀዲማ ንሓሙሽተ ዓመት ምስኣ ክጸንሕ ናብ ስታድዩም ኢትሓድ ኣምጺኣቶ። ሲቲ፡ ንጀረሚ ሞንጋ ኣብ ክንዲ ምስ ናይ መንእሰያት ጋንታ፡ ምስታ ቀዳመይቲ ጋንታ ክተካትቶ መሪጻ ትርከብ። በዚ መሰረት ዝመጸእ ወርሒ ኣብ ኤስያ ንእትገብሮ ዑደት ምስኣ ክጉዓዝ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ።

- **ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንሞርተን ሁልማንድ ኣፈሪማቶ**

ኣትሌቲኮ ማድሪድ ንሞርተን ሁልማንድ ብ40 ሚልዮን ዩሮ ካብ ስፖርቲንግ ኣፈሪሙቶ። እዚ ዴንማርካዊ ተጻዋታይ ክሳዕ ሰ 2031 ምስዛ ክለብ ክጸንሕ ተሰማሚዑ ይርከብ። ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣብ ማእከላይ መስመር ምክፍፋል ናይ ምክልኻል ዓቕማ ንምዕባይ፡ ንናይ ዎልቨስ ጆኣ ጎመዝ ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ተጻወትቲ ክትጥምት ጸኒሓ'ያ። ኣብ መወዳእታኡ ከኣ ዚ ወዲ 27 ዓመት ሁልማንድ ክትውንን መሪጻ። ሁልማንድ ኪኖ ናይ ዴንማርክ፡ ኣብ ሰር ኣ ተጻዊቱ ብቕዓቱ ብምምስካሩ፡ ኣብ ኣትሌቲኮ ናይ ሲሞን ባህጊ ከሰምር ትጽበት ይግበረሉ።

ተረኛ ፋርማሲ
በት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን
ፋርማሲ ማይ ተመናይ
ፋርማሲ ተስፋ

ዕለት
12/07/2026

ጎደና
ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲኒማ ኣምፒር
ጎደና ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤት ክርስትያን ኣቡኑኣረጋዊ
ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ

ቁ.ስልኪ
120253
08370134
186839

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565